“ይብላ ሰሚዐን ይማላእ ሰሊዐን”

ካልኦት ዝብልዎ ምስማዕ መጀመርያ ባህሪያዊ ግዴታ'ዩ። ምኽንያቱ ሓደ ካብ'ቶም ሓሙሽተ ህውሳት ደቂ-ሰባት ዝኾነ እዝኒ፡ ብዝተፈላለየ ሕማማት ንቡር ስራሑ ካብ ምስልሳል እንተዘይተዓንቂፉ፡ ይድልዮ ኣይድለዮ ካብ ሰብ ድዩ ካብ እንስሳ፡ ሕማቕ ድዩ ጽቡቕ ክሰምዕ ውሁብ ነገር'ዩ። እዝኒ ዝሰምዖ ኣእምሮ ተቐቢሉ ይጠቅም ኣይጠቅምን ምስ ኩነታቱ እናዛመደ ከመሓድሮ ከኣ ካልእ ገጽ'ዩ። “ ይብላ ሰሚዐን ይማላእ ሰሊዐን” ዝብል ምስላ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ብቀጻሊ'ዩ ዝዝውተር። መልእኽቱ ድማ ኣወንታዊ ዘይኮነስ ኣሉታዊ'ዩ። እቲ ዝበሃልን ዝግበርን ዘሎ ጎዳኢ ድዩ ጠቃሚ ምስ ባህሪኻ፡ ኣሰራርሓኻን ባህልኻን ዝኸይድ ድዩ ወይስ ብኣንጻሩ? እኹል መጽናዕቲ ከይገበርካን ኣፍልጦ ከይሓዝካን ንትብሎን ትገብሮን ነገር ብየዋህነት ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ብዕሽነት ዝገልጽ ምስላ'ዩ።

ብዘይ እኹል መጽናዕትን ናይ ባህሪ ለውጥን ይብሉ ስለ ዘለው ኣነውን ክብል፡ ይገብሩ ስለ ዘለው ኣነ'ውን ክገብር ኢልካ ዝጅመር፡ ብፍላይ ሃገር ይመርሕ ኣለኹ ብዝብል መንግስቲ ምስ ዝኸውን ውጽኢቱ ብኩለንተንኡ ኣሉታዊ'ዩ። መንግስታት ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያቶም እንታይ ይመስሉ፡ ምስ ህዝቦም ዘለዎም ቅርበትን ኣኽቡረትን፣ ንሕጊ ዘለዎም ምእዙዝነት፣ ተሓታትነት፣ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታትን መንግስታት ዘለዎም ኣጠማምታ፣ ብምሉእ ድዩ ብከፊል ካብ ደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ብፍላይ ምስ ዘሎ ምዕባለ ናይ ዘመናዊ መራኸቢታት፡ ናይ ዝኾነ ሃገር መንግስቲ እንታይ ባህሪኡን ተግባሩን ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ ንምምዛን ዘጸግም የብሉን።

ብመንጽር'ዚ ሓቂ'ዚ ህዝባዊ ግንባር /ህግደፍ ዕውት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ዓመት 2016- ዓመተ መኸተን ልምዓትን 2017 ክብል ምስማዕ ኣይገርምን'ዶ? ምስ'ቲ ይብላ ሰሚዐን ይማላእ ሰሊዕን ዝብል ምስላ ኸ ኣይኸይድን'ዶ? መልሱ እወ ንሰማዕ ዝገርም፡ ምስ'ቲ ምስላ ድማ ዝኸይድ'ዩ ዝብል ተረድኦ ኣለኒ። ምኽንያቱ፡ ሓደ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ክገብሮ ኣለኒ ስለ ዝበልካ ለይቲ ሓሲብካ ንጽባሒይቱ ትገብሮ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ንዕኡ ዝኸውን እኹል ቅድመ ምድላዋት ወይ ባይታ ዘድልዮ ዓቢ ስራሕ'ዩ። ካልኣይ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣንፈት መንግስታዊ ፖሊስን ዲፕሎማስን ተኸቲሉ ረስንን ዛሕልን ናይ'ቲ ኣብ መንጎ መንግስታት ዘሎ ዝምድና እናንበብ ዝኸይድ ደኣምበር፡ ካብ ባህሪ፡ ግብርን ድሌትን መንግስቲ ወጻኢ ናይ በይኑ ፍሉይ ዝምድና ክገብር ኣይክእልን። ሳልሳይ ፖለቲካዊ ተፈጥሮን ፖሊስን መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ድማ ንኸምኡ ዝፈቅድ ቀዳድ የብሉን። ራብዓይ ሕጂ ኩሉ ትምክሕታዊ ዕደራታቱ መኺኹ ካብ ህዝቡ ምሉእ ንምሉእ ተነጺሉ፡ ብደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ድማ ተፈንፊኑ ብብርቱዕ ቀዝሒ ኣብ ዝህረመሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ብኮን ደኾን መዋጽኡ ይረክብ ካብ ዝብል ተበጊሱ፡ ይብሉ ስለ ዘለው ኣነ'ውን ክብል፡ ይገብሩ ስለ ዘለው ኣነ'ውን ክገብር ዝብል ሓሳብ እንተዝመጽኣሉ'ውን ውሽጣዊ ርእሰ ምትእምማን ዘይብሉ ተጠራጣራይ ብምዃኑ፡ መንግስታዊ ዲፕሎማሲ ኣደስኪሉ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ክምርሕ ኣይክእልን።

ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ብህዝቢ ዝተመርጹ፣ ብሕጊ ዝምርሑ፣ ኣብ ህዝቦም ምሉእ እምነት ዘለዎም፣ ብመጽናዕቲ ብዝተቐርጸ ስትራተጂን ስልትን ኣንፈቶም ዘነጸሩ፣ ትርጉም ሓቢርካን ተኸባቢርካን ምንባር ዝርድኡ ሓላፍነታውያን መንግስታት ኣብ ዘለውሉ'ዩ ዝሰርሕ። ካብ ማህጸንት መለኽቲ ስርዓታት ኣይውለድን። ኣብ ህላወኦም ድማ ኣይውደብን። ኣይሰርሕን። ስለዚ መንግስቲ ህግደፍ ዕውት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ዓመት 2016 ክብል ዘንበድብዶ ዘሎ መናፍሓት መሰረት ኣልቦ'ዩ። ኩሉ ዝምስክሮ ኣብ ዓመት 2016 ቅድሚኡ ካብ ዝገብሮ ዝነበረ ንጽልእን ኲናትን ዝዕድም ዕለታዊ ሕሱር ተኽታኺ ጎስጓሳት ብዝተፈልየ፡ ተገዲዱ ኣደብ ዝገዝኣሉ፡ ምሉእ ንምሉእ ድማ ኣብ ምክራይ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ዝተጸምደሉ ዓመት ምንባሩ ብመርተያ ዝተደገፈ ሓቂ'ዩ።

እዚ ሃላሊ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ዓመተ 2016 ዕውት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ዝተመዝገበላ ዓመት ነይራ። ዓመተ 2017 ድማ፡ ንመንእሰያት ህግደፍን ኣባላት ህግደፍን ሒዘ ዓመተ መኸተን ልምዓት ክገብራ'የ ክብል ይነብሕ ኣሎ። ልቢ በሉ ካብ ናይ ርብዒ ዘመን ግጉይ መንገዲ ተኣሪመ፡ ዘስርሕ ፖሊሲታት ቀሪጸ፡ ምሉእ ህዝቢ ኣሳቲፈ ኣይኮነን ዝብል ዘሎ። እንታይ ደኣ ኣባላት ህግደፍን መንእሰያት ህግደፍን ሒዘ ክምክትን ከልምዕንየ‘ዩ ዝብል ዘሎ። ብርግጽ ተጀሃሪ ምኻኑ፡ ጎይታ መብጸዓ ምኻኑ ብዘይካ ኣምለኽቱ ዘይፈልጦ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ወሳኒ ናይ ጥፍኣት መሪሕነታዊ ኣካልስ ደሓን ኣመሉ'ዩ ኢልና ንውሰዶ፡ እቶም ኣባላት ህግደፍ መንእሰያት ህግደፍ ዝበሃሉ ዘለው ወገናት ኣይሓስቡን ድዮም፡ ኣይስከፉን ድዮም? ካብ ህዝቦም ርሒቖም ንሓደ ጸረ-ህዝቢ መንግስታዊ ጉጅለ ከገልግሉ ከም ሰባት ሰብኣዊ ክብረት የብሎምን ድዩ? እዚ ፖለቲካዊ እምነት ኣይኮነን። ካብ ሕሉፍ ራዕዲ ዝተፈጥረ ኣምልኾ'ዩ። ሰባት ክንሶም ኣብ ክንዲ ኣብ ሕግን ኣሰራርሓን ኣብ ውልቀ ሰባት ክተኣማመኑ፡ ድሌት ውልቀ ሰባት ንምርዋይ ኣንጻር ህዝቦም ክስለፉ ካብ ራዕዲ ዝፈጠሮ ኣምልኾ ካልእ መግለጺ ኣይርከቦን። ስለዚ መሪሕነት ህግደፍ ንስለ ምባል ክብሎ ዝፍትን ምሩጽ ቃላት “ይብላ ሰሚዐን ይማላኣ ሰሊዐን” ዓይነት ደኣምበር ምስ ፖለቲካዊ ተፈጥሮኡን ፖሊሲታቱን ዝቃዶ ኣይኮነን።

መንግስ'የ ካብ ኣዲስ ኣበባ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 25-01-2017